# ኣፈላልያ ጐሓፍ

እትጉሕፎ ጐሓፍ ሓደገኛን ጠቓምን ነገራት ኪሕዝ ይኽእል'ዩ። ንጐሓፍካ ብጽቡቕ ኣገባብ እንተ ፈላሊኻዮ: ብዘተኣማምን ኣገባብ ኪእለ ይኽእል:- ዚበዝሕ ኣብ ዳግመ-መዓላ ኪውዕል ይኽእል። በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ: ጥዕና ሰባትን ከባብን ይሕሎ። ሓደ ማተርያል ብተደጋጋሚ ብምጥቃም'ውን ጸዓትን ጸጋታት ተፈጥሮን ከነድሕን ንኽእል ኢና።

## ኣፈላልያ ጐሓፍ ገዛ ኣብ ኦስተርሱንድ



### ንኽባቢ ሓደገኛ ጐሓፍ



ንኣብነት:- ከም በርንቸ: ዘይቲ ሞተር: መሕቀቒ ፈሳሲ: ኬሚካላት: ባተርያ: መብራህቲ ፍሎረሰንት: ኣምፑል: መብራህትታት ትሑት ጸዓት: ኤለክትሮኒክ (ኵሉ ገመድ ወይ ባተሪ ዘሎዎ): ኮስመቲክ።
ኣብ ኣፓርታማ ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ንመአከቢ ሓደገኛ ጐሓፍ ዘገልግል ቀይሕ ሳጹን ኪህሉ ይኽእል'ዩ። ኣብ ብዙሓት ድኳናት: ዝኣከብካዮ ሓደገኛ ጐሓፍ ዚግደፈሉ ሳጹን (miljöskåp) ኣሎ።



### ጐሓፍ መግቢ



ንኣብነት:- ከም ተረፍ-መረፍ መግቢ: ዳካ ቡን: ከረጺት ሻሂ: ቅራፍ እንቋቑሖ: መንቀጺ ወረቐት ገዛ: ሳልቬታ: ዕምባባታትን ርስሓት ዕምባባን።





ተረፍ-መረፍ መግቢ ኣብ ልሙድ ከረጺት ጐማ ኣይዕሸግን'ዩ። ኣብ ኮምፖስት ኪኸውን ዚኽእል ጐማ እዩ ዚእከብ። ቅርጫትን ከረጺትን: ኣብ መቐበል ኣጋይሽ ሮድሁሰት (Rådhusets reception) ወይ ኣብ ኡደንስኩግ (Odenskog): ኣብ ሊትን (Lit) ኣብ ብሩንፍሉ (Brunflo) ዚርከባ ማእከላት ዳግመ-መዓላ ብናጻ ትወሃብ። ሓደሓደ ዋናታት ገዛ: ንተኻረይቲ ዘንቢልን ከረጺትን ይዕድሉ'ዮም።

### ዚነድድ ተረፍ



ንኽባቢና ሓደገኛ ዘይኮነ ወይ መዐሸጊ ማተርያል ከም ፕላስቲክ: ወረቐት: ጨርቂ ዓለባ: ዕንጨይቲ: ጐማ: ቈርበት። ንኣብነት: ከም መፋሕፍሒ: ክዳን: ሳእኒ: ቡስጣ: ፈትሊ: ብርዒ: መጻወቲ: መሐበሻ (ብሎያ): ሞዴስ: ጡጥ: መኼኵዒ እዝኒ: ሽጋራ: ትንባኾ። መጣግ መዐሸጊ ኣብዚ ይቕመጥ።
ዝተረፈ ዚነድድ ትዕሽጎ - ነቲ ከረጺት እሰሮ።



### ዚኾመር ጐሓፍ



መዐሸጊ ዘይኮነ ከም ጥርሙዝን ካይላዊ ኣቑሑንን:- ብርጭቆ: መስትያት: ፖርስሊንን ቫልቮላን።
ክሳዕ ሕጂ: ኣብ ሓደሓደ መአከብታት ጐሓፍ ንዝኾመር ጐሓፍ ዚኸውን መዕቌሪ ኣሎ። 'ረስትኣቭፋል' (Restavfall) ወይ 'ዴፖኒረስት' (Deponirest) ዚብል ጽሑፍ ኣሎዎ። እንተ ዘይኮነ: ጥርሙዝን ካይላዊ ኣቕሓን ኣን ማእከል ዳግመ-መዓላ ይግደፍ።

**ሰዓታት ስራሕ ማእከል ዳግመ-መዓላ** (återvinningscentral)

**ኡደንስኩግ (Odenskog):-**

| | |
|---|---|
| ሰኑይ: ረቡዕ | 7 – 19 |
| ሰሉስ: ሓሙስ: ዓርቢ | 7 – 16 |
| ቀዳም | 9 – 13 |

ወቕታዊ ሰዓታት ስራሕ ኵሉሳዕ ኣብ www.ostersund.se/sopor ትረኽቦ።

**ሊት (Lit):-**

| | |
|---|---|
| ሰኑይ: ረቡዕ | 16 – 19 |
| ቀዳም፤ ኣብ ዘይተዛናቒ ሰሙን (udda veckor) | 9 – 13 |

**ብሩንፍሉ (Brunflo):-**

| | |
|---|---|
| ሰሉስ: ሓሙስ | 16 – 19 |
| ቀዳም: ኣብ ተዛናቒ ሰሙን (jämna veckor) | 9 – 13 |

ክትድርብዮ እትደሊ ገዚፍን ከቢድን ጐሓፍ ኣሎካ'ዶ፤ ዝኣረጉ ኣቑሑን ዝተሰብረት ቴለቪዥንን ኪኾኑ ይኽእሉ። ሓደሓደ ብዙሕ ገዛውቲ ዘሎዎም ህንጻታት ናይ ገዘፍቲ ጐሓፋት መአከቢ ክፍሊ (grovsoprum) ኣሎዎም። ናይ ገዘፍቲ ጐሓፋት መአከቢ ክፍሊ (grovsoprum) እንተ ዘየሎ: ጐሓፍቲ ኪእዝዝ ንዋና ገዛ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ካብኡ ዝተረፈ ዓብን ከቢድን ጐሓፍ ኣብ ማእከል ዳግመ-መዓላ ይግደፍ።
ብዛዕባ ኣፈላልያ ጐሓፍ ኣብ መካነ-መርበብ ኦስተርሱንድ ኮሙን [www.ostersund.se/sopor](http://www.ostersund.se/sopor) ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብብ።

### መዐሸጊ ፕላስቲክ



ንኣብነት: ከም ከረጺት ፕላስቲክ: መሸፈኒ ረቂቕ ፕላስቲክ: ሳርማ ፕላስቲ: ጥርሙዝ ፕላስቲክ: መዐሸጊ ፍሪጎሊት: ኵባያ ወረቐት/ፕላስቲክ: ብያቲ ወረቐት/ፕላስቲክ።
ቲቪ ክትገዝእ ከለኻ ዚመጽእ ዓበይቲ ፍሪጎሊት ከም መዐሸጊ ፕላስቲክ ይጽብጸብ።

### መዐሸጊ ወረቐት



ንኣብነት:- ከም ባኮ ፓስታ: ባኮ ሓርጭ: ባኮ ጸባን ጁስን: ከረጺት ወረቐት: ንእስ ዝበለ ካርቶኒ: ኵባያ ወረቐትን ብያቲ ወረቐትን።
ካርቶኒ ካም ባኮ ወረቐት ይቑጸር።

### ሜታላዊ መዐሸጊ



ንኣብነት:- ከም መዐሸጊ ታኒካ: ቱብ: ታኒካ ስፕረይ: ባሊቃ: መኽደኒ: መሸፈኒ ኣሉሚንዩም: ኣሉሚንዩም ፎርም ከምኡ'ውን ዝተፋሕቀ ታኒካታት ሕብረ።

### ጥርሙዝ መዐሸጊ



ፍያስኮ ጥርሙዝን ሳርማታት ጥርሙዝን ጥራይ። ሕብሪ ዘሎዎን ሕብሪ ዘይብሉን ጥርሙዝ ፈላልዮ።
መስተዪ ብርጭቆ: መስትያት: ፖርስሊንን ካልእ ተመሳሳልን: ከም መዐሸጊ ጥርሙዝ ኣይጽብጸብን'ዩ - ከም 'ዚኾመር ጐሓፍ' ይጽብጸብ። ኣምፑላትን መብራህትታት ትሑት ጸዓትን እውን ጥርሙዝ ኣሎዎም፤ ግን ከም ሓደገኛ ጐሓፍ (Miljöfarligt avfall) ይጽብጸቡ።

### ጋዜጣታትን ወረቓቕቲ ጽሒፈትን



ንኣብነት: መዓልታዊ ጋዜጣ: መጽሄት: መጋዚን: ቆጽሊ ሬክላም: ካታ
ጽሒፈት: መስኣሊ ወረቐት



መዐሸግታት ከከም'ቲ ዝዓበየ ክፋሎም ፈላልዮም። መጠግጠግ ዚብሉን ዚሽትቱን ነገራት ከይህልዉ ኣጽርዮም፤ ኣብ ማእከል ዳግመ-መዓላ ከኣ ግደፎም። ኣብ ኣፓርታማ ትቕመጥ እንተ ኾይንካ: ኣብቲ መጕሓፊ ክፍሊ ናይ መዐሸግታት መአከቢ ኪህሉ ይኽእል'ዩ። መዐሸግታትን ጋዜጣታትን ከም ዘለዉዎ (ኣብ ጐማ ከይዓሸግካ) ኣቐምጦም።

**ኣብ ማእከል ዳግመ-መዓላ መዐሸግታትን ጋዜጣታትን ትገድፍ**

